# ምልክታ

ሕብረት ወለዲ ኤርትራውያን ኣብ ስያትል ብሓድነትና ኣብ ከባቢና ዘሎ ጸገማት ደቕናን ንሓፈሻዊ መነባብሮናን ዝትንክፍ ኩንታት ንምምሕያሽ ብዝምልከት ኣብ ዝካየዱ ኣኼባታት ጽቡቅ ውጽኢታት እንዳተረኽበ ይኸይድ ከምዘሎ ንኹሉ ኤርትራዊ ተቐማጣይ ስያትልን ከባቢኣን ከነብስር ንፈቱ።

ኣብ ዕለት 12-29-06 ኣብ ኣደራሽ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ስያትል ኤርትራውያን መምሃራን ዮሃንስ ሰለሙን, ዑቕባይ ኪዳነ ,ኣብርሃ ዘርኣይን ከምኡውን ዶክተር ተኪኤ ብርሃነ መምህር ኣብ ዩኒቨርስቲ ኦፍ ዋሽንግተን ብዛዕባ ስርዓተ ትምህርትን ዋሽንግተን ስቴትንን ተራ ወለዲ ኣብ ናይ ደቆም ትምህርታዊ ንጠፈታት ምስታፍ ተደላይነት ብስፍሕ ዝበለ ንኣኼበኛታት ኣስተምሂሮም።
ኣኼባታትና ንማሕበራትና ኮሚኒታት(ኮማት) ንምሕያልን ኤርትራዊ መንነትና ኣብ ከባቢናን ንምድልዳልን ዝዓለ"መ እዩ።

## ቐጻሊ ኣኼባና

***ንሰንበት ዕለት 28 ጃንዋሪ 2006 ልክዕ ሰዓት 3.00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ኣደራሽ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን ኣብ ስያትልን ከባቢኣን (2402 East Spruce ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ክካየድ ስለዝኾነ ንኹሉ ኤርትራዊ ብኽብሪ ንዕድም።***

- ✓ ኣባላት ምምሕዳር ፖሊስ ከተማ ስያትል ሌተናንት ጆን ካውስኪ ናይ ሳውዝ ፕርሲንት ሓላፍን ደተክቲቭ ኪም ብጉኪ ናይ ስያትል ፖሊስ ህዝባዊ ርክብ(ናይ ኢስት ኣፍሪካ) ብዛዕባ ገበን ምክልኻልን ሓፈሻዊ ናይ ፖሊስ ስርሓት ከስተምህሩ እዮም።
- ✓ ከምኡውን ፕሮፌሶር ጀነቲክ ሳይትንቲስት ክሪስቶፈር ካርልስተን ካብ ዩኒቨርስቲ ኦፍ ዋሽንግተን ብዛዕባ ስንሕዋሳትን ሕማም ሽኮር ኣብ ኤርትራውያን ዘምጽኦ ሳዕቤንን ምክልኻልን ከስተምህር እዩ።

ኣገዳስነት ናይዚ ህዝባዊ ኣኼባ ተገንዚብና ወለዲ ምስኩሎም መንእሰያት ሓቢርና ክንመጽእ ብተውሳኺ ደጊምና ነተሓሳስብ።
*ኹሎም መንእሰያት ናይ ኩልና*
*ኹሎም ወለዲ ድማ ናይ ኩሎም መንእሰያትና*

ብደሓን ምጹ!!
ሕብረት ኤርትራውያን ወለዲ ኣብ ስያትል ከባቢኣን
ብዛዕባ ኣቐድም ኣኣቢልና ዘካየድናዮም ኣኼባት ብዝብለጸ ንምርድኣ ኣብ www.ertra.com ብጽሑ፣